ሓያል ጥምረትና ዋሕስ ህላወና
ሓያል ውዳበና ዕንወት ንጸላእታና
ውርሻ ንመጻኢ ዎሎዶና

እዚ ድሕሪ ሰሙን ናይ ስያትል ፈስቲቫል፡ ኣብ በይ ኤርያ (Bay Area) ከተማ ኦክላንድ ዝተጸምበለ ጽምብል ወጋሕ ትበል ለይቲ ኣብ ማሕበረ ኮም (ECCCC Oakland) እዩ። እቶም ወናማት ብጠባዮም፡ ስነ ስርዓቶም፡ ሃገራዊ ሓላፍነቶምን ዝተናእዱ ኣብነታውያን ስነ ጥበበኞታትና ማዕሪጉ ዘምሰን ዝሓደረን ፍቕሪ ሃገር ዘንጸባርቕን ሓያሎ ዓመታት ንድሕሪት መሊሱ ተዘክሮታት ሰውራ ኤርትራ ኣብ ቅድመኻ ቅጅል ኣቢሉ ዘቕርብ ሓርበኛዊ ዜማታት ነቲ ብመንእሰያት ተዓብሊሉ (ኣዕለቕሊቑ) ዘምሰን ዝሓደረን ህሞት በትሓደ ወገን ትዝታ በቲ ካልእ ወገን ድማ ደስታ ኣብ ነብሲ ወከፍ ኤርትራዊ ሰፊኑ ዝተራእየሉ ዕዉት ብደረጃ ፈስቲቭ ክግለጽ ዝከእል ውራይ ኔሩ። ዝተወደበ ህዝቢ ደፊኡ ዘውድቖ ሓይሊ ስለ ዘየለ እቶም ንምውዳቕና ጡሩምባታት ክነፍሑ ዝወርሑን፡ ኣብ ፈቖዶ ከንቲባታትን ሰነተራትን ማዕጾታት እንዳ ኳሕኲሑ ርድኡና ዝበሉ ካብ ንብዓት ሓርገጽ ምንባዕ ሓሊፎም ከምጽእዎ ዝኽእሉ ፍረ ከም ዘይብሎም ብተግባር ኣብ ፈስቲቫል ስያትልን ኣብዚ ናይ ኦክላንድን ተመስኪሩ።

ሕጂውን ሃገርና ድሕነታትን ግስጋሴኣን ብናህሪ ከምቲ እንደልዮን እንሓስቦን ክትኮነልና ውዳቤና ከምቲ ኣብ ግዜ ሰውራ ዝነበረ ምስ ዘለናዮ ግዜን ኩነታትን ኣዛሚድና ከነደልድሎ ሃገራዊ ሓላፍነትና ይጠልቦ። ንኣብነታውያን ምምስጋን ጉቡእን ንቡርን እዩ። ኣብ ክንዲ ኣቓማቲ ምኽን ተዋሳኢ ክትከውን ዝበለጸ ስለ ዝኾነ ብዝዋሓደ ደረጃ ኣበርክቶና መታን ክንገብር ውዳበና ከነረጋግጽ ኣሎና። ኣብ ሃገራዊ ኣበርክቶ እንገብሮ ኣስተዋጽኦ ንእሽቶይ ዝበሃል ነገር የለን። ብዓቕምና እንገብራ ዓባይ ምኻና፡ ናይ ኩልና ተደሚሩ ክንዲ እምባ ከምዝኸውን ኣብ ጉዕዞ ቃልሲ ንነጻነት ተመስኪሩ እዩ። **ኣይንዛነ**።   ከምቲ ስነ ጥበባዊት ሄለን መስለስ ዝበለቶ ንግዜ ደው ዘብሎ ቀይሕ መብራህቲ የብሉን። ግዜ ኣሎና እናበልና ከይቅድመና። ንዝሓለፉ ዓወታት መወከሲ ተጠቒምና ንዘጋጥሙና ብድሆታት ብዓጸፋ ከም ንስዕሮም እዛ ዘለናያ ወርሒ ነሓሰ 2017 ዓባይ ምስክር እያ። ሕጂውን ኣይንዛነ ብዛዕባ ሃገርና ክንመያየጥን ህሉዊ ኩነታት ክንፈልጥን ማሕበረ ኮማትና ከነደልድለን ተሳትፎና ነረጋግጽ። እሱ ምስ እንገብር ኢና ነቶም መልክዖም ለዋዊጦም ዝመጹና ተጻብኦታት እንስዕሮም። ኣብዚ ጥብቆ እዚ ጠዉቑ ነዛ ሓይሊ ጽንዓት ዝኾነት ዜማ ንምድማጽ። <iframe width="560" height="315" src="https://www.youtube.com/embed/txSTnEo3nEM" frameborder="0" allowfullscreen></iframe>

20170819_235736.mp4

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ